## ተወሰኽቲ ሓገዝ ዘበርክታ-ቦታታት

**ሞራላዊ ረድኤት**

ብቖጥታ ምሳኺን ሰብ ከዘራርብክን እንተድኣ  ደሊኽን፣ እቶም ንጽጉማት ዝረድኡን ዘጸናንዑን
24 ሰዓት በዚ 143 ተሌፎን ቑጽሪ ክርከቡ ይከኣል።

**ቍጠባዊ ረድኤት**

ኣብ እዋን ጥንሲ፣  ንህጹጽ-ረድኤት ዝሕግዛ፣
ዝተፈላለያ ናይ ብሕቲ ወይ ናይ ቤተክርስትያን ትካላትን ኣለዋ።

**Solidaritätsfonds für Mutter und Kind**
**Schweizerischer Katholischer Frauenbund**
Kasernenplatz 1
6000 Luzern 7
Telefon 041 226 02 27
www.frauenbund.ch

**Muttertagsfonds –**
**Aargauer Katholischer**
**Frauenbund**
Geschäftsstelle
Neustrasse 51
5430 Wettingen
056 668 26 42
www.frauenbund-aargau.ch

**Stiftung Hilfe für Mutter und Kind**
**der Reformierten Landeskirche**
Hintere Hauptgasse 15
4800 Zofingen
Telefon 079 273 97 50
www.ref-ag.ch

ተኽእሎ ብዛዕባ እቲ ዝተወልደ- ሕጻን ንሕጋዊ-ወላዲ  "ንዘይውላዱ ከም ውላዱ ጌሩ ንኺዕብን፣
ኵሉ መሰል ናይ ውሉድ ንኪህብን ሓላፍነት ዝወሰደ" ንኽወሃብ፣ ዘኽእል ሓበሬታታት ምሃብ

ወይ ኣብ'ቲ ወግዓዊ ናይ ነፍሰ-ጾር (ጥንሲ) ምኽሪ ዝወሃበሉ ቤትጽሕፈታት ተወከሳ፣
ወይ ከኣ ብቐጥታ ኣብ'ዚ ዝስዕብ፦

**Pflege- und Adoptivkinder Schweiz**
Pfingstweidstrasse 16
8005 Zürich
044 205 50 40
www.pa-ch.ch

---

**Impressum**
Herausgeber: Departement Gesundheit und Soziales, Abteilung Gesundheit
5001 Aarau, www.ag.ch
Copyright © 2018 Kanton Aargau

KANTON AARGAU

# መምርሒ
# መደብ-ዘይተገብሮ ጥንሲ ድዩ?

**Departement**
**Gesundheit und Soziales**

Version: Tigrinya

## መሰል ንምምኽኻርን ንምምይያጥን ኣለኹን። –
## ገንዘብ-ዘይክፈሎ፤ ስቱርን ብምስጢር ዝተሓዝን እዩ።

መደብ ዘይተገብሮ ጥንሲ፣ ብዙሕ ሕቶታትን፤ ነንሓድሕዱ ዝገራጮ ስሚዒታትን ከምኡ'ውን ፍርሕታት እዩ ዘስዕበልካ። ብመሰረት ፈደራላዊ-ሕጊ፣ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኵነታት፣ እቲ ጥንሲ ክትሕዝኦ ዲኽን ክትንጽልኦ (ክትሰድኦ) ብዘየገድስ፣ ገንዘብ-ዘይክፈሎ ምኽሪን ረድኤትን ናይ ምርካብ መሰል ኣለኹን።

እንተድኣ ኣብ ውሽጣዊ ናይ ሓሳብ ግርጭታት ትርከቢ ኣለኺ ኮይንኪ፣ ነዚ ውሳኔ ንምውሳን ግዜ ደሊኺ፣ ወይከኣ ቀጻሊ ክፉት-ዝርርብ ብዛዕባ ውልቃዊ-ኵነታትኪ ድላይ ኣለኪ ኮይኑ፣ ምስ "ወግዓውያን ናይ ነፍሰ-ጾር ምኽሪ ዝወሃበሉ ቤትጽሕፈታት" ክትራኸቢ'ሞ፣ ነቲ ዘለኪ ማሕበራዊ፤ ስነኣእምሮኣዊ፤ ቍጠባዊ ከምኡ'ውን ሕጋዊ ሕቶታትኪ ሓገዝ ክትረኽቢ ይከኣል እዩ።

እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ምኽሪ፣ ብተወሳኺ ቅኑዕ ውሳኔ ንኽትውስኒ ክትክእሊ ዝሕግዘኪ እዩ። ኣብ'ዚ ምኽሪ ዝወሃበሉ ቤትጽሕፈት ከኣ፣ ምንጻል-ጥንሲ ምስተፈጸመ፣ ወይ ንምክልኻል-ጥንሲ ዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህልወክን ክትመጽኣ ዝከኣል እዩ።

ኣብ'ቲ ምምኽካር ግዜ ፣ እንተድኣ ፍታውክን ኮይኑ ከኣ፣ ምስ መጻምድትክን (ብጻይክን) ወይ ምስ ኣዚካ ትኣምኖ-ሰብ ክትመጽእ ይከኣል እዩ።

## ኣብ ጸቢብ ኵነታት ኣለኺ?

ኣድላይነት ኣሎ ድዩ፣ ሰብ ብዛዕባ ጥንስኽን ሕርስኽን ከይፈልጥ ። ኣብ ሕክምናታት ካንቶን-ኣርጋው ኣብ እዋን ጥንሲ ብድሕሪ ሕርሲ (ብስቱርን ብምስጢራዊ) ሕክምናዊ፡ ስነ-እሙራዊ ምኽሪ ዝርርብ ክግበረልኪ ኢዩ። ሰብ ኣብ ከባቢኺ ከም ዝሓረስኪ ከይፈልጥ ብስቱር ምስጢራዊ ዝተሓዘ መገዲ ክትሓርሲ ይከኣል ኢዩ። ሕክምና ክትኣትዊ ከለኺ መዝገብኪ ክዕጸው ኢዩ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ሕክምና ከምዘለኺ ንሳልሳይ ኣካል ኣይክንገርን ኢዩ።
ኣድላይነት እንተድኣ ኣሎ፣ ብስቱርን ምስጢራዊ ምገዲ ክትሓርሲ፡ ብእዋን ነቲ ክፍሊ ሓገዝ ሕርሲ ኣብ ሕክምና ካንቶን-ኣርጋው ሓብሪ ኢኺ።

## ጥንሲ-ንምንጻል ወሳኔ እንተድኣ ወሲንክን

ኣብ ከምዚ ዝበለ ፍጻሜ፣ እቲ ሓኪም ምሳኽን ኣዝዩ ስፍሕ ዝበለ ዝርርብ ይገብር፣ ብዛዕባ ሕጋዊ-ኵነታትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣብ ጥዕና ዘስዕቦ-ግድኣት ብሰንኪ ጥንሲ
-ምንጻል ሓበሬታ ይህብ፤ እቲ ሓኪም ድሕሪኡ ክታምክን ምስ ኣንበርክናሉ፣ እዚ "መምርሒ ናቶም ምኽሪ ዝህቡ ቤትጽሕፈታት ዝሓዘ ኣድራሻታት ይህበክን።

ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኵነት፣ ከም በዓልቲ-ጉዳይ ዝኾንኪ ጓል-ኣንስተይቲ፣  ንስኺ ጥራይ ኢኪ ነዚ ጥንሲ-ክትጾርዮን፣ ነዚ ጥንሲ-ክትንጽልዮን ናይ  ምውሳን ሓላፍነት ዘሎኺ። ከምኡ'ውን ነቲ ሕጻን ንሕጋዊ-ወላዲ ከወስድዎ ምፍቃድን።

## ዕድመኺ ካብ 16 ዓመት ዝነኣሰ እንተድኣ ኮይኑ

ዕድመኺ ካብ 16 ዓመት ዝነኣሰ እንተድኣ ኮይኑ፣ እሞ ጥንሲ-ክትንጽሊ (ክትሰዲ) እንተድኣ ደሊኺ፣ ብተወሳኺ  ኣዝዩ ስፍሕ ንዝበለ ምምኽኻር ምስ ሓኪምኪ ምእንቲ ክትገብሪ፣ ኣብ 'ብፍላይ ንመንእሰያት ምኽሪ ዝወሃበሉ ቤትጽሕፈት' ክትከዲ ግድን እዩ።   እዚ ምኽሪ 'ዚ ግድነታዊ እዩ። እዚ ምስ ትሕተ-ዕድመ ዝግበር ምምኽኻር ከኣ ብምስጢር ዝተሓዝን፤ ገንዘብ-ዘይክፈሎን ከምኡ'ውን ስቱር እዩ።

## ሕጋዊ ወላዲ "ንዘይውላዱ ከም ውላዱ ጌሩ ንኺዕብን፣ ኵሉ መሰል ናይ ውሉድ ንኪህብን ሓላፍነት ዝወሰደ"

እንተድኣ ዓሚቕን ሰፊሕን ምዝርራብ  ክትገብር ዘይክኢልካ፣ ሓደ ሕጻን ድሕሪ ምውላዱ፣ "ንዘይወለድዎ ከም ውላዶም ጌሮም ንኽዕብዩን፣ ኩሉ መሰል ናይ ውላድ ንክህቡን" ነጻ-ምሃብ፣  ኣዝዩ ከቢድ ውሳኔ እዩ። ስለ'ዚ ነዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ'ውን፣ እዚ "ምኽሪ ዝወሃበሉ ቤትጽሕፈት" ንከገልግል ድልዊ እዩ። ናይ'ቶም ምኽሪ ዝህቡ ቤትጽሕፈታት ኣድራሻታት ከኣ፣ ኣብ'ዚ  "መምርሒ'ዚ" ትረኽብኦ።

---

## ኣድራሻ ናይ "ወግዓዊ ናይ ነፍሰ-ጾር ምኽሪ ዝወሃበሉ ቤትጽሕፈት" ኣብ ካንቶን ኣርጋው

**Sexuelle Gesundheit Aargau**
**Fachstelle für Sexualität, Schwangerschaft,**
**sexuell übertragbare Krankheiten und sexuelle Bildung**
Entfelderstrasse 17
5000 Aarau
Telefon 062 822 55 22
www.seges.ch
info@seges.ch

**ተሌፎን ብምድዋል ቆጸሮ ምሓዝ**

## ነፍሰ-ጾራት ትሕቲ  16 ዕድመ ዝዕድመኤን

ምዕዶ ወይ ምኽሪ፣ ቅድሚ ጥንሲ-ምንጻል (ምስዳድ) ግድን  እዩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ "ወግዓዊ ናይ ነፍሰ-ጾር ምኽሪ ዝወሃበሉ ቤትጽሕፈት" ንትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኤን ነፍሰ-ጾራት ምኽሪ ክህብ፣  ብካንቶን-ኣርጋው ሓላፍነት ዝረኸባ እዩ።
እዚ ኣድራሻ ኣብ ላዕሊ ይርከብ።

---